RØDE KORS

DRC DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

ሞያ, ምዕባለ ዕብየት

መርበባዊ ዝርጋሐ

ደኣንነት

# ኣብ ግዜ ንእስነትካ ዝሕግዞካን ዝድግፈካን ሰብ ትደሊ ዲኻ?

መጽናዕትታት

ነጻ ግዜ

ንመጻኢ ግዜ

TIGRINYA

# ምስ ሓደ ወለንተኛ ዓቢ ሰብ ምትእስሳር ግበር!

ከም መንእሰይ ድሕረ ባይታኻ ካብተን ውሑዳት ብሄራት ኣብ ዴንማርክ ከም ምዃንካ መጠን፡ ኣብ ህይወትካ ኣብ ኣገዳሲ ቦታ ኢኻ ዘለኻ፡ ጉዕዞኻ ኣብ ኩነታት ሕብረተሰብ ደንማርክ ምፍላጥን፡ ንመጻኢኻ እንታይ ከም እትኽእልን እትደልን ክትመሃር ኢኻ። ኣብቲ ምሓዙት መንገዲ ይመርሑ (I Venner Viser Vej) ዝብል ምስ ሓደ ዓቢ ሰብ ኣብ ምዓልታዊ ከይድኻ ዝሕግዘካ ከነተኣሳስረካ ንኽእል ኢና፡ እዚ ኸኣ ክሰምዓካ ፍርዲ ከይሃበ፡ ከታዓልለካን ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ንዘጓንፈካ ኣብ ጎንኻ ዝኸውን ብንስኻ ትደልዮን ብዘድልየካን ሓጋዚኻ እዩ።

ናብ ዴንማርክ ምኣስ መጺኻ ወይ ንሓያሎ ዓመታት ኣብዚ ዝተቐመጥካ ዲኻ ወይ ውን ኣብዚ ዝተወለድካ ኹን ኣየገድስን እዩ። እዚ ውህብቶ ንኹሉ ካብ 18 ክሳብ 24 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ዝምልከት እዩ።

## ሓደ ወለንተኛ እንታይ ኬቕርብ ይኽእል?

እቲ ወለንተኛ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ተራ ዓቢ ሰብ እዩ። ስራሕ ዝተቆጽሩን ክፍሊት ዝረኽቡን ኣይኮኑን፡ ብነጻ ድልየቶም ብተገዳስነቶምን ተበጊሶም እዮም ዝድግፉኻ። ከከም ድሌታትካን ባህግታትካ ተበጊሱ እቲ ወለንተኛ ከም ንኣብነት፡-

- ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ደገፍን ምስጢራዊ ዕላልን መሻርኽቲ ይኸውን፡
- ብዛዕባ ትምህርቲ፡ ስራሕን ናብራ ህይወት ኣብ ዴንማርክ ብዝምልከት ሕቶታት ምሕጋዝን፡
- ብሓባር ዘዘናግዕን ማሕበራዊ ንጥፈታትን ምግባር፡
- ምስ ካልኦት መንእሰያትን ናይ ነጻ ግዜ ንጥፈታትን የላልየካ፡
- ብዕላል ኣቢልካ ቋንቋ ደንማርክ ከምትለማመድን ኣብ ዕዮ ገዛ ወይ መጽናዕቲ ይሕግዘካን።
- ብዛዕባ ዕድላትን ሕግታትን ኣብ ሕብረተሰብ ዴንማርክ ይነግረካን ይገልጸልካን፡

## ከመይን ምኣስ ምኣስን?

መብዛሕትኦም ኣብ ሰሙን ሰሙን ንውሑዳት ሰዓታት ይራኸቡ፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ከካልኣይ ሰሙን ንውሑዳት ሰዓታት ይራኸቡ። እዚ ኣብቲ ቀዳማይ ኣኼባኹም ትሰማምዑሉ ኮይኑ፣ ኣብቲ ስምምዕ ዝግበረሉ ቀዳማይ ርክብ ሓደ ወለንታዊ ኣተሓባባሪ እውን ክሳተፍ እዩ። እዚ ከይዲ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓያሎ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል እዩ፣ ኣብ ዝኾነ እዋን ከተቋርጾ ወይ ምስ ሓድሽ ወለንተኛ ክትቅጽሎ ትኽእል ኢኻ። ኣበይ ከም እትራኸቡ ንዓኹም ይምልከት፡ ከም ንኣብነት ግን ኣብ ቤተ-መጻሕፍቲ፡ ወይ ኣብ ማእከል ቋንቋ ወይ ኣብ ተፈጥሮ መናፈሲ ቦታ ወይ ከኣ ኣብ ካልእ ራብዓይ ቦታ ክኸውን ይኽእል እዩ።

**እዚ መሳጢ ዶ ይመስል?**

ነቲ QR ኮድ ተኸተል፡ ወይ ድማ ኣብ ዚ ዝስዕብ

www.vennerviservej.dk

RØDE KORS

DRC DANSK FLYGTNINGE HJÆLP

ቀይሕ መስቀልን ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክን ኣብ ውሽጢ ወለንታዊ ስራሕ ምውህሃድ ኣብ ዴንማርክ ዝርከባ ክልተ ዝዓበያ ትካላት እየን። ንሕና ድሕሪ እቲ ሃገር-ለኸ ፕሮጀክት ምሓዙት መንገዲ ይመርሑ ኢና ዘለና።